# ተሪር ታሪኻዊ ምሕጽንታ
# ንመላእ ሐይልታት ምክልኻል ኤርትራ።

ተስፋይ ተኸለ

እቲ ብኣኹም ብሰራዊት ኤርትራ ዝተላዕለ፣ ንመላኺ መንግስቲ ህግደፍ ዝቐረበሉ ዝተፈላለየ ጠለባት ዘበገሶ ምልዕዓልን ኣበያን፣ ኣብ መላእ ሃገርን ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ናይ ዓለምን ዝርከብ ህዝብኹም፣ ጀሚርኩሞ ዘለኹም ምንቅስቓስ እንተስ ውልዕ ኢሉ ክቕህም ፣እንተስ ባርዕ ሽግ ቀዩርኩሞ ወጋሕታ ብርሃን ከበስር፣ ናበይ ገጹ ከም ዘምርሕ ወግሐ ጸብሐ እዝኑ ጸልዩ፣ ዓይኑ ኣፍጢጡ ብጽሞና ይከታተለኩም ኣሎ።

ክቡራት ናይ ሐይልታት ምክልኻል!

ጨቃኒ ስርዓት ምምሕዳር ኢሳያስን ጉጅለኡን ንመሰልኩም ኮነ ንመሰል መላእ ህዝብኹም ዓፊኑ ብምጭፍላቕ፣ ኣብ ልዕለኹም ኮነ ኣብ ልዕሊ መላእ ህዝብኹም ንዕቀትን ኣስታሐቃርን ዝመልኦ ደረቱ ከአ ዝሓለፎ ጽዩፍን ነውራምን ዘካይዶ ተግባራት ንዓለም ምሉእ ጋህዲ ካብ ዝኸውን ጊዜኡ ኣይሐጸረን። ዘዝተወልደ መንእሰይ ምስ ስድርኡ ኣብ ቤቱ ማሚቑ ቀሲኑ ከይነብር ዝብትን፣ ንሐረስታይ ዘዝሐረሶ ምህርቲ ናብ ቆፍኡ ከየእቱ ኣብ ፈቐዶ ኩርናዕ እንዳጸንሔ ከቲሩ ዘሕድግ፣ ሃገር የልምዕዶ ይሃንጽ ኣለኹ እንዳበለ ብጥርሑ ብማል ቃልጥ ጉልበትኩምን ጉልበት ህዝብኹምን ዘማስን፣ መጻይ ደም ዝኾነ ቁማጠ ዝኾነ ስርዓት ኣብ ዝባንኩም ምሽካም ደጊም ይኣክል ንኽትብልዎ መላእ ህዝብኹም ብሃንቀውታ ይጽበየኩም ኣሎ። መአስ እዚ ጥራሕ ኮይኑ፣ እቲ ኣዝዩ ዘስደምምን፣ እቲ ዝኸፍኤን ዝገደደን እንከ፣ ከምቲ ባዕዳውያን ገዛእቲ ደርብታት ኢትዮጵያ “ኤርትራ መሬታ’ምበር ህዝባ ኣየድልየናን’ዩ “ ዝብልዎ ዝነበሩዝመሳሰል፣ ጉጅለ ኢሳያስ’ውን “ብስም ኤርትራ ዝሕፈስ ዶላር’ምበር … ህዝቢ ኤርትራ ኣየድልየንን’ዩ “ ዝዓይነቱ፣ ንወዲ ሰብ መሪዙ ዘጽንት መርዛም ናይ ኑክለየር ሐተላ ኣብ ብዙሕ ኩርናዓት መሬት ሃገርና ብምቕባር፣ ሚልዮናት ዶላራት ካብ ኢራንን ጣልያንን ይእክብ ምህላዉ ንፋስ ዝወቕዖ ቃልዕ ሚስጢር ኮይኑ’ሎ። ካብዚ ንላዕሊ ንጹርን ብሩህን ዝኾነ ተርእዮታት እንዳሰማዕካን ኣንዳረኣኻን ጊዜን ዕድልን ምሃብ’ስ፣ እንታይ ክሳብ ዝወርደካ ምጽባይ ኮን ይኸውን?

ክቡራት ናይ ሐይልታት ምክልኻል!

ከምቲ “በትርን ኣብ ኢድካ … ተመንን ኣብ እግርኻ” ተባሂሉ ዝተመሰለ፣ ንሃገር ክልውጥን መድሕን ክኸውንን ዝበቅዕ ትሕዝቶን፣ ናይ ጸገምኩምን ጸገም ህዝብኹምን ዝኸውን ፍታሕን ምሳኹም ኣብ ኢድኩም ስለዘሎ ናብ መላኺ ጉጅለ ዘማዕዱ ምኽንያት ከቶ የብልኩምን። ኣብ ትሕቲ ምሕረትኩም ድኣ’ምበር ኣብ ትሕቲ ምሕረቱ ከምዘይኮንኩም ተገንዘቡ። ንሐደ ጨፍላቒ ጉጅለ ኣብ ዝባንኩም ባባ ኢሉ ዝተሐዝለ፣ ጣይቓት ጠለብ ኣቕሪብኩም፣ ፍታሕ ከምጽአልና ኢዩ ኢልኩም ምትምናይ ኮነ ምንባይ፣ ማይ ሐቝንካ ልኻይ ምጽባይ ምዃኑ ተገንዘቡ። ስለዚ ብዓል መን ነበሩ እንታይ’ከ ገበሩ ዝብል ናይቶም ጽባሕ ዝመጹ ወሎዶታትና ሕቶ’ውን እንተኾነ፣ ንሐንሳብን ንሐዋሩን ብዘየላውል መንገዲ ብቑዕ ዝኾነ ሃገራዊ ምላሽ እትህብሉ ሰዓቱን እዋኑን ጽባሕ ዘይኮነስ ሎሚ ሕጂ ኢዩ።

ጀሚርኩሞ ዘለኹም ምንቅስቓስ፣ ኣብ መዓልታዊ መንብሮ ዝምልከት ሕቶታት ጥራሕ ከይተሐጸረ፣ ሃገርኩም ኤርትራ መሰረታዊ ለውጢ ዝተረጋገጸላ፣ ምልኪን ጭቆናን ካብ ስሩ ተማሕዩ ልዑላውነት ግዝኣተ ሕጊ ዝነግሰላ፣ ማዕርነታዊ መሰልን ክብሪ ወዲ ሰብን ዝሕለወላ፣ ካብ ደልሃመት ጸልማት ናብ ብርሃን ወጋሕታ ዘሰጋግር ጨራ ጽሐይ ክትኮኑላ፣ ካባኹም ትጽቢታን ሃንቀውታኣን ኣዝዩ ልዑል ኢዩ። ስለዚ ሕቶኹምን ጠለብኩምን ምስ’ቲ መሰረታዊ ለውጢ ዝተኣሳሰር ስለዝኾነ፣ ምስ ህልውና ጨቛኒ ጉጅለ ዝቕጽል፣ ምስ ምልጋሱ ከአ ዝቕንጠጥ ሕማም ምዃኑ ተገንዘቡ። ከምቲ ዝሐለፈ ብቓልሲናን መስዋእቲ ክቡራት ጀጋኑ ስዉኣትናን ናይ ነጻነት በሪ ዝተኸፍተ፣ ሎሚ’ውን

ከምኡ ናይ መላኺ ጉጅለ ምዕራፍ ታሪኽ ተዛዚሙ፣ መሰልን ክብሪ ወዲ ሰብ ዘውሕስ፣ ናይ ሐርነት ካባ ንህዝብና ዘልብስ በሪ ንኽትከፍትሉ፣ ኤርትራዊ ዜጋ  አብ ዝሃለወ ይሃሉ  ብምልኡ አዝዩ ዓቢ ተስፋን ሐደራን አንቢሩልኩም አሎ።

 እቲ ዝተረረን ዝለዓለን ለበዋኡ ከአ፣ ሐደራ .. ሐደራ… ሐለፍቲ ሰራዊትን ታሕተዎት ተራ አባላትን ኢድን ጓንትን ኰንኩም፣ ማዕረቲ ህዝብኹም ዘንበረልኩም እምነት ብሐድነት እንዳተጓዓዝኩም፣ ንመላኺ ጉጅለን ከፋፋሊ ስልቲታቱን ፈቃቕ ወይ ነቓዕ ዕድል ከይሃብኩም፣ ንምንቅስቓስኩም ቅኑዕን ጥርኑፍን መአዝን ከተትሕዝዎ የማሕጸንኩም ።

ኤርትራ ንዘለአለም ብነጻነታን ልዑላውነታን ከቢራ ትንበር!!
 ዓወትን ሐድነትን ንኹሎም ሐይልታት ለውጢ ኤርትራ!!
ውድቀትን ሕፍረትን ንመላኺ ጉጅለን ዓንገልቱን!!